# ዜና

## ህዝባዊ ሰሚናር ኣብ ከተማ ሮማ

ብዕለት 09/ሕዳር 2014 ኣብ ከተማ **ሮማ** ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር: ብኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ ተኻይዱ። ኣብዚ ብዙሕ ህዝቢ ዝተኻፈሎ ኣገዳሲ ሰሚናር: ኣምባሳደር ፍስሓጼን እዘን ዝስዕባ ኣርእስትታት ገሊጹ :-

1. ህሉው ኩነታት ሃገር፥
2. ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዝተዋደደ ስነ ኣእምራዊ ኲናትን:
3. ኣገልግሎት ቆንስላውን ህዝባውን ጉዳያት።

***ዕላማ መንግስቲ ኣብ ህንጻት ሃገር፥***

ህንጸት ሓንቲ ሃገር ብስራሕን ብቀጻሊ ዕዮን ኢዩ ዝረጋገጽ: ነዚ ንምግባር እዞም ዝስዕቡ ነገራት ክረጋገጹ ይግባእ

- ምህናጽ ተወዳዳርን ሞዕሩይን ቁጠባ
- ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ ንኹሉ ዜጋ ማዕረ ዕድላት ከም ዝበጽሖ ምግባር
- ስኒትን ምርድዳእን እትውንን ሃገር ምህናጽ
- ብቕዑን ምዕቡልን ናይ ምክልኻልን ጸጥታን ሰራዊት ምህናጽ
- ምስ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ምሕያል: ንሓባራዊ ጥቕሚ ስትራጂካዊ ሽርክነት ምፍጣር

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ኣርእስትታት ኣስፊሑ ብምግላጽ: ኣብ ቁጠባ ብቀዳምነት ዝስርዑ ብምልላይ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኩሉ መዳያት ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣብ ሕርሻ: ትሕቲ ቅርጺ: ትምህርቲ: ሕክምና ተዓሚሞም ዘለው ዓበይቲ ስርሓት ዝተዓወትናሎምን ጌና ኣብ መስርሕ ዘለዉን: ኣብ ኩሉ መዳያት ዝርዝራዊ መግለጺ ኣቕሪቡ። ብፍላይ ኣብ ትምህርትን ሕክምናን ካብ ድሕሪ ናጽነት ክሳብ ሎሚ ኣብ ኩሉ ዞባታት ተሰሪሖም ተሃኒጾምን ዘለዉ መወከሲ ሆስፒታላትን ናይ ጥዕና ማእከላትን ሰፊሕ ዝርግሐ ትምህርትን ብዝሒ ተምሃሮን ዝተበጽሐ ምዕባለታትን ለውጥታትን ብኣሃዝት ኣሰንዩ ኣብርሂዎ።

ኤርትራ ኣብ ከባቢና ውሽጣዊ ርግኣትን ስኒትን እትውንን ሃገርያ ብምባል ብርእሰ ምርኮሳ እትሃንጾ ሃገር ወነንቲ መደባትካ ኮንካ ካብ ግዳማዊ ተጽዕኖታት ነጻ ስለ እትኸውን. ብሽምኡ ንኻልኦት ናይ ጽቡቕ ሕማቕ ኣብነት ከይትኸውን ተባሂሉ መታን ክትቕጻዕ: ሓሶታት ቀማሚርካ እገዳ ብምግባር ንምድካማ ብዙሕ ተጻብኦታት ይካየደላ ከም ዘሎ ብሰፊሑ ኣብሪሁ።

ኣብ ጉዳይ እገዳ: እቲ ተቓጻጻሪ ሽማግለ ኤርትራ ንኣልሻባብ ትሕግዝያ ዝብል ዝኾነ መርትዖ ከም ዘይረኸበ ተኣሚኑ ከብቅዕ: ባይቶ ጸጥታ ኣብ ክንዲ እገዳ ዘልዕሎ: ነቲ ተቖጻጻሪ ሽማግለ ንዓመት ዕድሚኡ ከም ዝናዋሕ ምግባሩ: ንኤርትራ ንምድኻም ዝወሰዶ: ንሕቡእ ፖሎቲካዊ ዕላምኡ ዘቓልዕ ጥራይ ኢዩ ብምባል ኣብሪሁ ገሊጽዎ። ኣብ ኤርትራ ዝርኣዩ ጸገማት ብተጻብኦን ተልእኮን ናይ ኣመሪካን ዝተውልዐ ኲናት ወያነን ብድሕሪኡ ዝሰዓበ እገዳታትን ሳዕቤን ናይዚ ዝተጠቕሰ ጠንቅታት ዝመጹ: ህዝቢ ዘዕዝምዝመሎም ኣብ ምሕደራ ዝርኣዩ ህጋፋት ከም ዘለዉን ንምዕራዮም ዝውሰድ ዘሎ ሓያል ተበግሶታት ኣስፊሑ ገሊጽዎ።

ሓይልና ከም ኩሉ ግዜ ኣብ ሓድነትናዩ ዝምርኮስ ድሕሪ ምባል: ጸላእትና ብሓድነትና ስለ ዝርዕዱ ዝተፈላለየ ዉዲታትን ሓሶታትን እናኣለሙ መሳርዕና ክዝርጉ: ሃሱታትን ዕሱባትን ኣዋፊሮም ኣብ እነካይዶ ህዝባዊ ኣኼባታት በዓላት ክርብሹን: ከዳኽሙና ስለ ዝሓልሙ: ክንነቕሓሎምን ውዳቤና ብምሕያል ብጽንዓት ክንምክቶምን ናይ ኩላትና ኤርትራውያን ሓላፍነት ኢዩ።

ካብ ህዝቢ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ብዘዕግብ መሊሹ፥ እቲ ኩሉ እዋን ዝልዓል ናይ ህንጻ ኣባይቲ ሕቶ ውን: እቲ ዝትከል ዘሎ ናይ ፕረፋብሪክ ስራሕ ኣብ ምውድኡ ተቐራሪቡ ስለ ዘሎ ኣብ ዝሓጸረበ እዋን ስርሑ እንተደኣ ጀሚሩ: እቲ ዝስራሕ ገዛውቲ ኣብቲ ዝተመደበሉ እዋን ንኽቐረብ ብተስፋ እንጽበዮ ኢዩ ብምባል መሊስዎ።

ንጸጋታት ዕደና ዝቐረበሉ ሕቶታት፥ ቁጠባዊ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ርእሰ'ኻ ምኽኣል ኮይኑ ኣብ ስራሕን ዓያይነት ዜጋታቱ'ዩ ዝምርኮስ። ካብ ዕደና ዝርከብ ጸጋታት ናይዚ ሎሚ ዘሎ ወለዶ ጥራይ ዘይኮነ ናይ መጻኢ ወለዶታት ውን ስለ ዝኾነ: ካብኡ ዝርከብ ጸጋታት ኣብ ምዕባለ ትሕቲ ቅርጺን ምምሕያሽ ቁጠባ ሃገርን ከም ዝውዕል ብብሩህ መሊስዎ።

ኣብ መወዳእታ ኣርእስቲ፥ ዝዓበየ ጸጋ ናይ ኤርትራ ህዝባ'ዩ: ህዝቢ ዘይሳተፎ መደብ ክኣ ኣይዕወትን ኢዩ:። ኣብ  ኤምባስን ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈታትና ንህዝቢ ዝግበር ኣገልግሎት: ህዝቢ ግቡእን ስሉጥን ኣገልግሎት ክረክብ: ንህዝቢ ብፍሕሹው ገጽ ክንቕበሎን ከነገልግሎን ሓላፍነትና ኢዩ። ኣብ ስራሕ ዝርኣዩ ጉድለታት እንተልዮም ብምርድዳእ ዘይፍታሕ ነገር የሎን: ብምባል ህዝቢ ዝዓግበሉ ምቕሉል መልስታት ኣቕሪቡ።

ኣብ መደምደምታ ኣብ ዘስምዖ ቃል፥ ሓያላት ኮንና ኣብቲ እንደልዮ ሸቶ ክንበጽሕ ከምቲ ናይ ቀደምና ክብርታትና ብግቡእ ክሕለዉን ክንሰርሓሎምን ነዞም ዝስዕቡ ከነቐድም ይግባእ፥

ካብ ጸቢብ ስምዒታት ርሒቕና: **ሃገር ቅድሚ ኩሉ ክትስራዕ ኣለዋ:** ዕጥቅና ፥ ዕጥቂ ሓድነት: ተወፋይነት: ስራሕ: ትምህርቲ: ፍልጠት: ድልዉነት: ኒሕ: ተጻዋርነት: ክኸውን ኣለዎ ብምባል ሰሚናር ብዓወት ተዛዚሙ።

ሮማ - 09/11/2014

ዓወት ንሓፋሽ !!
ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኢጣልያ
(ናይ መድያን ጎስጓስን ኮሚቴ- ኢጣልያ)